ቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይ ኣቅሑት መለዋወጢ ኣቅሑት መኪና : ዝተፈላለዩ ሕትመታትን : መሳርሒ ፅሕፈት ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክገዝእ ከሕትምን ይደሊ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ ነሓሰ 23, 2010 (ልዕሊ 8 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: መስከረም 2, 2011 8:45 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:5000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: መስከረም 3, 2011 9:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: መለዋወጢ ኣቁሑት ተሸከርካርቲ/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/ ናይ ሕትመት ስራሕቲ/

1 ዝተሐደሰ ሕጋዊ ፍቃድ ንግዲ ዘለዎ

2 ወረቐት ምስክር መቅረባይነት ዘለዎም

3 መረዳእታ መለለይ ከፋለይነት ግብሪ ከቅርብ ዝክእል

4 ተወሳኪ እሴት ታክስ ተመዝጋቢ ዝኾነ ናይ ወርሒ ሰነ 2010 ዓም ሒሳብ ዘፍለጥሉ መረዳእታ ከቅርብ ዝክእል

5 ሰነድ ጨረታ አብ ቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይ ቀደማይ ደብሪ ዳይሬክቶሬት ዕደጋ ፋይናንስን ምምሕዳር ንብረትን ክፍሊ ቁፅሪ 12 እንትከውን ንሕድሕድ ዘይምለሰ 50 ቅርሺ ብምክፋል ምዉሳድ የከኣል

6 ሰነድ ጨረታ እዚ ምልካታ ከብ ዝተጋወሐሉ ዕለት 22/12/2010 ዓም ክሳብ 2/1/2011 ዓም ሰዓት 8:00 ኩሉ ሻብ ኣብ ሰራሕ ሰዓት ምዉሳድ ይከኣል ተጫረቲ ሰነድ ጨረታ ክሳብ 2/1/2011 ዓም ሰዓት 8:30 ኣብ ቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይ ዳይሬክቶሬት ዕደጋ ፋይናንስን ምምሕዳር ንብረትን ክፍሊ ቁፅሪ 12 ኣብ ዝተዳለወ ጨረታ ሳንዱቅ ምእታዉ ይክእሉ

7 መከበሪ ጨረታ ንሕድሕዱ 5000 ቅርሺ ብስፒኦ ከትሕዝ ይግባእ

8 ሰነድ ጨረታ ክሳብ ሳንዱቅ ጨረታ ዝዕፀወሉ 2/1/2011 ዓም ሰዓት 8:45 ይዕሸግ እዚ ጨረታ 2/1/2011 ዓም ሰዓት 9:00 ተጫረቲ ወይድማ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረከብሉ ኣብ መአከቢ ኣዳራሽ ይክፈት

9 ጨረታ ሰዓራይ ጨረታ ምካኑ ብደቡደቤ ካብ ዝተገለፁ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዉሽጢ 5 መዓልቲ ዉዕሊ ክአስር ዝክእል

10 ዝኾነ ተጫራታይ ብዛዕባ እቲ ሰነድ ጨረታ ካልእን መብርሂ ዘድልዩ እንተኾይኑ ብፅሑፍ ጥራይ ምሕታት ይክእል

10 ሰዓራይ ጨረታ ዉዕሊ ካብ ዝአሰረሉ ዕለት ጀሚሩ ንኣቅሑት መለዋወጢ መኪና ኣብ ዉሽጢ 30 ተከታታልቲ መዓልቲታት :ንሕትመት 30 ተከታታልቲ መዓልቲታት ከምእዉን ንመሳርሒ ፅሕፈት ኣብ 20 ተከታታልቲ መዓልቲታት ብመሰረት እቲ ዝወፀ ዝርዝር ናብ ቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይ ንብረት ክፍሊ ከረክብ ይግባእ

11 ዝኾነ ተጫራታይ ቤት ዕዩና አብ ዘቀመጦ ዝርዝር ዝዉስክ ወይ ዝንኪ ካብ ዉድድር ወፃኢ ዝገብር ምካኑ ክፈልጥ ይግባእ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

12 እቲ ቢሮ ዝሐሸ አማራፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብክፋል ናይ ምስራዝ ዝተሐለወ እዩ

ንተወሳኸኪ ሓበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 0344403477 / 0344408299 ምሕታት ይከኣል

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle